1. 🌿 መስረቲ ዛራ ሰላም ናይ ተሳዓሪ መርገጽ'ዶ መርገጽ ይሕዙ ኣለዉ?

🌱 ቅድሚ ነዛ ሕቶ ምምላሽና ኣመጻጽኣ ናይታ ሕቶን መንፈስ ናይታ ሕቶ ትሕዝቶን ምርኣይን ምርዳእን ምምርማርን ኣድላዪ ኮይኑ ይርኣየና። ናብ ታሪኽ ምልስ ኢልና ምስ እንርኢ ካብ ምብጋስ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንነጻነት ሃገር ኮይኑ መሰረታዊ ዕላማ ናይቲ ቃልሲ ንፍትሕን ማዕርነትን ነጻነትን ሰላምን ኣብ ዘለዋ ሓራ ዴሞክራስያዊት ሃገረ ኤርትራ ምንባር ከም ኣገዳስቲ መትከላዊ ረቛሒታት እንበር ከም ንምንየዮም ናይ ምቑታት ባህጊ ኣይነበረን። ስለ ዝኾነ ድማ እታ ሕቶ ነዚ ዝስዕብ ናይ ባዕልና ሕቶ ከነልዕል ናይ ግድነት ትገብሮ፡ ስለምንታይ ዝኾነ ናይ ሰላም መጸዋዕታን መርገጽን ከም ተሳዕርነት ክውሰድን ክርኣን ይኽእል?

🌳እቲ ቀንዲ ማእከላይ ጸገም ኣብ ህልዊ ኤርትራዊ ፖለቲካውን ባህላውን ህሞት ንሰላም ዝዕንቅፍ ሃዋህው ሓደ ክስዕር እቲ ሓደ ድማ ክሳዓር ኣለዎ ዝብል ናይ ዜሮ ድምር ኣተሓሳስባ እዩ። ሓቀኛን ቅኑዕን ትርጉም ዘለዎ ሰላም ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ትስዕር ወይ ትሰዓር ዝብል ሃዋህዎ ዝተዓብለለ ኣተሓሳስባ ሰላም ሱር ክሰድድ ኣይክእልን እዩ። ብኣንጻሩ ናይ ሓባር ጽን ኢልካ ምስምማዕን ሓሳብ ናይ ምልውዋጥን ዝበለጸ ዝተባህለ ሓሳብ ተቐባልነት ክረክብን ክሰፍሕን ንኤርትራ ከም ሃገር ዝጠቅምን ንህዝባ ዘርብሕን ሃዋህው ስለዝኾነ ናይ ግድን ዝበሃል ረቛሒ እዩ። ብዘይ ሰላም ምዕባለን ርጉእ ዝኾነ ቅሱን መነባብሮን ኣይክኣልን እዩ ፣ ስለ ዝኾነ ኩሎም ናይ ፖለቲካ ኣካላትን ተገደስቲ ጉጅለታትን ሓቀኛ ዓወት ሃገርን ህዝብን ዝርከብ ብህዱእ መንፈስ ውረድ ደይብ ተባሂሉ ሕድገታት ኣዘውቲርካ ማእከላይ ፍታሕ ብምቕባል ንሰላም ዕድል ብምሃብ ጥራሕ ምዃኑ ክቕበልዎ ኣለዎም ንብል።

🌻 ብዛዕባ በቲ ንሰላም ስለ ዝጸዋዕናን ዝተጣበቕናን ዝሰራሕናን ኣብ ልዕሌና ክልጠፍ ዝኽእል ኣስማት ይኹን ጸርፍታት ብዙሕ ኣይንሻቐልን ኣይንሰክፍን ኢና። እቲ ቀንዲ ስክፍታናን ፍርሕናን'ሲ እቲ ብጎነጽን ናህርን ዝተዓብለለ ኣተሓሳስባን ኣቀራርባን ካብቲ ዘይተኣደነ ዋጋ ዝኸፈልሉን መዘና ዘይብሉ ስቓይ ዝሕለፍሉን ሰላምን ቅሳነትን ዘለዎ ዝግብኦም መጻኢ ከይረኽብዎ ከይተርፉ እዩ። መረገጽና ብዘይምውልዋልን ጽንዓትን ክቕጽል እዩ፡ ንሱ ኸኣ እታ እንኮ ኣማራጺት መንገዲ ንሃገራዊ ዓወት ነንሕድሕድካ ብሰላማዊ መንገዲ ብህድኣት ጽን ኢልካ ብምስምማዕን ነቲ ዜሮ ድምር ኣተሓሳስባ ገዲፍካ ሰላም ብምግባር ጥራሕ እያ ዝብል መትከልን ርእይቶን እዩ።

## 2. 🌿 ኣባላት ወይ ሰዓብቲ ህግደፍ'ዶ ሰላም ዝማእከሉ ኣቀራርባ ብሓቂ ክቕበሉ ይኽእሉ እዮም?

🌱 ናይዛ ሕቶ ቃናን ብውሽጢ እተሕልፎ መልእኽትን ንምትንታን በቲ ናይ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ዝርኤሉን ዝመዝነሉን መነጽር ክምዘን እንከሎ እቲ ዉሩይ ዝኾነ ናይ ደገፍቲ መንግስቲ ሓቀኛ ናይ ሰላም ድሌት ዘይምህላው ነቲ ሰላም ምህናጽ ፈጺሙ ዘይክኣል ይገብሮ ዝብል ስምዒት የንጸባርቕ። እዚ ኸኣ ዝያዳ ዕሙቕ ዝበለ መርመራን ኣስተብህሎን የድልዮ፡ ምኽንያቱ እዚ ነጸብራቕን ስሚዕትን እዚ እቲ ማእከል ነቓዕ ጋግ ኤትራዊ ፖለቲካውን ማሕበራውን ሓቀኛ ኩነታት ስለ ዝገልጽ እዩ። እቶም ተቓውሞ ንሰዓብቲ ህግደፍ ፈጺሞም ኣይእምንዎምን ፣ ሰዓብቲ ህግደፍ ድማ ምስቶም ተቓዉሞ ወይ ዘይደገፍቲ ፍረ ዘለዎ ዝርርብን ዘተን ክካየድ ከም ዘይክእል እዮም ዝዛረቡን ዝኣምኑን።

🌻 ነዚ ዓሚቕ ኩነታት እዚ ንምርዳእ ነዚ ዓሚቕ ጥርጣረን ዘይምትእምማንን ዝወለዶ ታሪኻዊ ናይ ምምቕቓል ህሞት ኣብ ፖለቲካውን ማሕበረ ሰብናን ምምርማር የድሊ። ኣብቲ ንሃገራዊ ነጻነት ዝተኻየደ ቃልሲ ዝርኣዩን ዝኽሰቱን ዝነበሩ ውሽጣዊ ፍልልያት ኣብ ክንዲ ኣብ ሓቂ ዝተሞርኮሰ ፍታሕ ንምርካብ ዝዕላምኡ ዝርርብን ማእከላይ ፍታሕ ምርካብን ብጎነጽ እዮም ዝፍትሑ ነይሮም። በዚ ምኽንያት እዚ ኸኣ እታ ቀንዲ ተወዳዳሪትን ንህዝባዊ

ግንባር ሓርነት ኤርትራ ናይ ምምካት ተኽእሎ ዝነበራ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ብሓይሊ ካብ ሜዳ ከም ትወጽእ ተገይሩ። ካልኦት ንኣሽቱ ውድባት እውን ብማህረምቲ ተደምሲሰን። እዞም ጸኒሕ ዝኾነ ቁስልታት እዚኣቶም ብዝግባእ ኣይተፈትሑን ፣ ስለ ዝኾነ ድማ ዘይሃስስ ናይ ዘይምትእምማን ኣብ ተቓዉሞ ይርከብ። ብዙሓት ድማ እቲ መዘና ዘይብሉ ሰራዊት ሓርነት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ሰሩዓታን ዝተኸፍለ ዋጋን ብቀንዱ ናይ ስዉኣታ ደም ብምንእኣስ ከም ዝርኣ እዩ ዝሰምዑን ዝስምዖምን።

🍀 እዚ ተርእዮ እዚ ኣብ ምስ ካብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝወጹን ምስኣቶም ዝምድና ዘለዎምን ጥራይ ዘይኮነስ ዝተመሳሰለ ስሚዒት ካብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ዝተፈንጨሉ ጉጅለታት እውን ኣሎ። ሓያሎ ኣብ ግዜ ናይ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ናይ ቃልሲ ግዜ ኣብ ዝለዓለ ናይ መሪሕነት ጽፍሒ ዝነበሩን ድሕሪ ነጻነት እውን ኣብቲ ናይ ዝለዓለ ምምሕዳር ቦታን ግደን ዝነበሮም እውን ኣብ ማእሰርቲ ዝበለዩን ህላዌኦም እውን ዘይፍለጠን ኣለው። ሓያሎ ድማ መራሕቲ ተቓዉሞ ኮይኖም ይርከቡ። ሰዓብቶም ድማ ኣብ ልዕሊ ሰዓብትን ኣባላትን ህግደፍ ኣብ ናይ ሰላም ዘተ ዝምልከት ክቱር ጥርጣሬ የሕዲሮም ይርከቡ። ብኣንጻሩ ድማ ሰዓብትን ኣባላትን ህግደፍ ነቶም ናይ ተቓውሞ ጉጅለታት ከም ጸረ-ሃገርን ጸረ-መንግስትን ስለ ዝርእይዎም ነቲ ምስኣቶም ብዘተ ኣቢልካ ሰላም ክርከብ ይከኣል እዩ ዝብል ሓሳብ ብኣግኡ ይነጽጉዎ።

🌼 ዛራ ሰላም ሜድያ ነዚ ኣብ ምድረ ባይታ ዘሎ ክቱር ምፍልላይ ስእሊ ኣጸቢቓ ትርድኦን ተስተውዕሎን እያ። ዕላማዊ ተልእኾና ኣቀራረብቲ ወይ ኣዛተይትን ዓረቕትን ኣብ ሞንጎ ሰዓብቲ መንግስትን ተቓውሞን ወይ ኣብ ሞንጎ ፖለቲካዊ ሓይልታትን ምኳን ኣይኮነን። ኣብ ክንድኡ ግን ንሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ብዛይ ሰላም ዝኾነ ብድሆን ጉዳይን ክሳዕ መንእሰያት ኤርትራ ዓዶም ገዲፎም ዝኸድሉ ምኽንያት ከይፈወስካ ክፍታሕ ከምዘይክኣል ከነፍልጦምን ክሰወጦምን ምግባር እዩ። ዛራ ሰላም ሜድያ ከምቲ ናይ ማይ ዛራ ንሓንቲ ተኽሊ ተዐንግላ እሞ ትጥጥዕን ትዓብን ንህዝቢ ኤርትራ ድማ ሓደ ሰብ ኣብ ሓንቲ ግዜ ኣብ ጽን ኢልካ ምስማዕ ከም ዝኣምን ምግባር እዩ። እዛ

ናይ ሓባር ጽን ኢልካ ናይ ምስምማዕ ምኹስኳስ ከኣ እምነ መሰረት ናብ ሃናጺ ዝኾነ ዝርርብን ዘተን ናይ መጻኢ ወለዶ ናይ ሰላም መንገድን እያ።

## 3. 🌿 እቶም ተቓወምቲ ውድባት'ከ ንሰላማዊ ልዝብ ክቐርቡ ይኽእሉ ድዮም?

🌱 እዛ ሕቶ እዚኣ እውን ብዕምቀት ምምርማርን ምርኣይን የድልያ እዩ። እቲ ውስጠ ተልእኾ እታ ሕቶ ድማ ናይ ተቓዉሞ ሓይልታት ኣብ ታሪኾም ኣብ ሞንጎኦም ሃናጺ ዝኾነ ዘተ ክካይዱን ኣብ ሃገራዊ ጉዳያት ሓባራዊ መርገጽ ክወስዱን ኣይከኣሉን ወይ ኣይተራእዩን። ስለዚ ተዓዘብቲ ናይ ተቓዉሞ ጉጅለታት ኣብ ነንሕድሕዶም ሰላም ክገብሩ ዘይከኣሉ ምስ ኣባላት ህግደፍን ደገፍቲ መንግስትን ትርጉም ወይ ፍረ ዘለዎ ናይ ሰላም ዘተ ከካይዱ ኣይክእሉን እዮም ዝብል ናይ ጠርጠራ ድምጺ የስምዑን መደምደምታ ይበጽሑን። ምሲቲ ሕጂ ኣብ ውሽጢ ተቓዉሞ ዘሎ ምፍንጫላት ብምምልካት ከኣ እዚ ትዕዝብቲ ጭብጢ ዘለዎ ውድዓዊ ትዕዝብቲ እዩ ክንብል ንኽእል።

🌻 እቲ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮ ዘይምትእምማን ኣብ ሞንጎ ተቓውሞን ናይ መንግስቲ ደገፍትን ጥራሕ ዝተሓጽረ ኣይኮነን። ናብቲ ናይ ኤርትራ ሓፋሽ ህዝብን ማሕበረ ሰብን ዝዒጉ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ቀጻሊ ምምቕቓል ብኣንክሮ ተዓዚቡ ሓድነትን ስምረትን ኣይርከብን እዩ ኣብ ዝብል ተስፋ ዘይብሉ መደምደምታ ስለ ዝበጽሐ መጻኢ ኤርትራ ከም ሃገርን ተስፋ መንእሰያታን ኣሻቓሊ ይኸውን።

🌾 ዛራ ሰላም ሜድያ ንኽብደት ናይዚ ብድሆ እዚ ብግቡእ መዚና ንሰላም ምስራሕ ናይ ነዊሕ ግዜ ጸዓታዊ ኣትኩሮ ከም ዘድልዮን ከም ዝሓትትን ብትንተናዊ ሚዛን ትግምግም። ተልእኾ ዕላማና ንፖለቲካዊ ትካላት ንኽዝትያ ንምዕጋብ ዘይኮንስ ንኹሎም ኤርትራውያን ፖለቲካዊ መርገጾምን ርእይትኦምን ምትእስሳሮምን ብዘየገድስ ናይ ሓባር ጽን ኢልካ ምስምማዕ ናይ ፍረ ዘለዎ ዘተ ቅድመ ኩነት ምዃኑ ንምርዳእ እጃምና ከነበርክት ናይ ግድን ምዃኑ ንኣምን። ሃናጺ ዘተ ወይ ልዝብ ድማ እታ እንኮ ሃገራዊ ብድሆታትን ሽግራትን እንፈትሓላን ተስፋ ናይ ኤርትራ መንእሰያትና እነሐድሰላን መንገዲ እያ ስነ-ሞገታዊ መርገጽ ኣሎና።

4. 🌿 እቶም ተቓወምቲ ውድባት ኣብ ነንሕድሕዶም እኳ ሰላም ዘይገበሩ ናብ ናይ ሰላም መኣዲ ክቐርቡዶ’ ይኽእሉ?

🌱 እዛ ሕቶ እዚኣ ብቐጥታ መቐጸልታ ኣብ ላዕሊ ዝተዛረብናላ ሕቶ ቁጽሪ 3 እያ። ልክዕ ከምቲ ኣባላት ተቓዉሞ ውድባትን ናይ መንግስቲ ደገፍትን ነንሓድሕዶም ብሃናጺ መንገዲ ዘይቀርቡ ተቓዉሞ ጉጅለታት ጽን ኢሎም ክሰማምዑን ክረዳድኡን ኣብ ኣገዳሲ ዝኾኑ ሃገራዊ ጉዳያት ክሓብሩን ኣይርኣዩን። ኣብ ክንድኡ ብስንኪ ውሽጣዊ ዘይምትእምማን ብፖለቲካዊ ፕሮግራማት ተፈላልዮምን ተፈናጭሎምን ይርከቡ።

🌱 ነዚ ዘይ ውዳእ ዕንክሊልን ሸንክለልን ንምስባሩን ጠጠው ምባሉን ከምዘይቅጽልን ደጊሙ ንኸይምለስ ንምሕካሙን ኩሎም ተዋሳእቲ ፖለቲካ ንኽፉት ዝርርብን ዘተን ከም ምፍትሒ ሃገራዊ ብድሆታትን -እቲ ቀንዲን ቀዳማይ ቦታ ዝሕዝ ጉዳይ ዝበሃል ካብኣቶም ድማ ኸኣ ኤርትራዊ መንእሰይ ሃገረ ገዲፉ ንስደት ምምራሕ ኮይኑ -ቅሩባት ክኾኑ ኣለዎም። ካብ ሕጂ ጀሚሩ ኸኣ መጻኢ ወለዶ ኤርትራ እቲ ሕጂ ዘሎ ህልዊ ፖለቲካዊ ስእሊ ዘቐጽል ፍልልይ ንኸይወርስ ናይ ሓባር ተግባራዊ ተወፋይነት ከርኢ ይግባእ።